# Union of Tigreans in North America (UTNA)
## ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማተሰኣ)

UTNA
P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056
UTNA67@verizon.net

Tel. (202) 265-8702
Fax. (202) 265-8703

## መበል 34 ዓመት ጉባኤ ማተሰኣን 12ዓመት ፌስቲቫል
## <u>ትግራይን ብዓወት ተዛዚሙ</u>

በብዓመቱ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ብድሙቕ ህዝባዊ ተሳትፎ ተሰንዩ ዝካየድ ጉባኤ ማተሰኣን ፌስቲቫል ትግራይን ካብ ዝሓለፈ ሮብዕ ኦገስት 6/2008 ክሳዕ ሰንበት ኦገስት 10/2008 ብዘሕብን ርሱን ህዝባዊ መንፈስ ተዓጂቡ ብዓወት ተዛዚሙ።

ካብ መላእ ሰሜን ኣሜሪካን ካናዳን ዝርከባ ጨናፍር ማተሰኣ ዝተወከሉ ተሳተፍቲ ጉባኤን ነዚ በዓል ፌስቲቫል ንከኽብሩ ካብ ኩሉ ኸባቢ ሰሜን ኣሜሪካን ካናዳን ዝመፁ ድሌት ዘለዎም ኣጋይሽ ብተዓዛብነት ዝተሳተፉሉ ስሩዕ መበል 34ዓመት ጉባኤ ማተሰኣ ህልዊ ኩነታት ማሕበር ንዝሓለፉ 2 ዓመታት ብመደብ ተታሒዞም ዝነበሩ ስራሕቲን ኣፈፃፅምኦምን ኣዕሚቑ ብምምይያጥ ብፍላይ ድማ ሓዱሽን ትግራዋይ መንእሰይ ወለዶ ኣካል'ዚ ማሕበር ብምኻን ናይ ተረካቢነት ሓላፍነት ንኽወስድ ከም ማተሰኣ ፍሉይ ጠመተ ሂቡ ኽሰርሓሉን ቃል ብምእታውን ሙሉእ ምርድዳእ ብምፍጣርን ሓዱሽ ኣመራርሓ ብዴሞክራሲያዊ ኣግባብ ብምምራፅ ብፅቡቕ መንፈስ ተዛዚሙ።

**ናይ ደምዳሚ ጉባኤ መበል 34ዓመት ምስረታ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ**
**መግለፅን ውሳነን፦**

ንሕና ተሳተፍቲ መበል 34ዓመት ጉባኤ ማተሰኣ ንዝሓለፉ ዓመታት ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ብህዝባዊ ሓበንን ሓቦን ተሰንዩ እናተኻየደ ንዘሎ ሰላም፣ ልምዓት፣ ፍትሒን ዴሞክራሲን ሰናይ ምምሕዳርን ንምዕሳልን ንምርግጋፅን ኣብ ዝግበር ኩለመዳያዊ ቃልሲ እጃምና ብፅንዓት ኣናወፊና ምፅናሕና ኣፍልጠ ብምሃብ ብቐፃልነት ሎሚ ዘለናዮ ጭቡጥ ኩነታት ኣብ ግምት ኣእቲና ብፅሒትና ብዝበለፀ ናይ ተገዳስነት መንፈስ ተላዓዒልና ምስ ኩሉ ትግራዋይ ሓቢርና ግቡእ ኣበርክቶ ንኽነወፊ ዓሊምና ኣብ ዝሃለፉ ክልተ ዓመታት ንኽትግበር ዝሃንፀፅናዮ ትልሚ ኣፈፃፅማ ገምጊምናን ሕሉፍ ፅገማትና ፈቲሽና፣ ድኽመትና ኣሪምና፣ ጥንኩር ጎንና ዓቂብና ናይ ዝቕፅሉ ክልተ ዓመታት መደባትና ተዛቲና እዞም ዝስዕቡ ውሳነታት ብሙሉእ ድምፂ ኣፅዲቕና፡፡

1. መበል 34 ዓመት ጉባኤ ማተሰኣ ብስም እቲ ንነዊሕ ዓመታት ጠንካራን ኣብ ሓፈሻዊ ምንቅስቓስን ለውጢ ማሕበርና ኣብምምፃእን ደኺሙኒ ሰልቹዩኒ እንተይበለ ዝልዓለ ኣብነታዊ ተራ ዝነበሮን ኣብ ቀረባ እዋን ብሞት ዝተፈለየና መቓልስትናን ሓውናን ኢብራሂም ሹፋ ክስየም፣
2. ሃገርና ጀሚራቶ ዘላ ኩለመዳያዊን ዘተባብዕን ምዕባለ ከይዝረግን ተጠናኺሩ ናብ ዝበለፀ ብርኪ ንኽበፅሕ ዓቕምና ዝኸኣሎ ኩሉ ብምግባር ካልኦት ነዚ ከይዲ ብቕንፅኛ ዝሪኡዎ ሓይልታት ኣብ ጎንና እናሰለፍና ንኽንሰርሕ፣

ሀ. መራኸቢ ማእኸናት ተጠቒምና ገፊሕ ናይ ህዝቢ ርክብ ስራሕቲ ክንሰርሕን ሓበሬታታትን መረዳእታታትን ብምዝርጋሕ ብኻሊእ ወገን ድማ ብዘይፈተውትና ዝግበር መፀለምታን ናይ ምዕንቃፍ ስራሕትን ንኽንምክቶ፣

ለ. ኣብ ሃገርና ዝካየድ ዘሎ ናይ ሰላም፣ ፍትሒን ዴሞክራሲን ልምዓትን ምዕባለን ናይ ምርግጋፅ ርብርብ ናብ ዝልዓለ ደረጃ ክብ ንምባል ዓቕምና

ኣዋዲድና ክንህቦ እንኽእል ግዳማዊ ሓገዝ ክነበርክትን ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ እዋንን ኩነታትን ድማ ብቐጥታ ብምስታፍ እጃምና ንኸነውፈ፣

3. ማ.ተ.ሰ.ኣ ምስ ኩሉ ትግራዋይ ነባራይ ሰሜን ኣሜሪካ ብምትሕብባር ህዝቢ ትግራይ ናይ ምሕጋዝ ቅዱስ ዕላማ ከምዘሎ ኾይኑ ብተወሳኺ በብውልቅና ከም መጠን ዜጋታትን ተወላድነትናን ክንረኽቦ ዝግብአና መሰልን ረብሓታትን ብዝተሳለጠን ግልፅነት ብዘለዎ ኣሰራርሓ ንኽንረክብ ኣድላይ ፃዕሪ ንኽንገብር፣
4. ኣብ ዘለናዮ ዓዲ ኮይንና ካብቲ እንነብረሉ ማሕበራዊ ስርዓት ክንረኽቦ ዝግበአና ጥቕምን ዓቕምን ኽመይ ክንርበሐሉ ከምእንኽእል ዘለና ፍልጠትን ልምድን ኣዋዲድና ርኡይ ለውጢ ንምምፃእ ፃዕሪ ክንገብር፣
5. ማሕበርና ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ከም መጠን ሲቪክ ማሕበር ዓርሱ ኺኢሉ ብነፃነት ንኽንቀሳቐስን ካብ ሕሉፍ ኣወዳድብኡ ፍልይ ብዝበለ መልክዕ ንኽቕፅል ዝገበርናዮ መሓውራዊ ምትዕርራይ ኣብ ግብሪ ንኽውዕል ኣድላይ ዘበለ ኩሉ ንኽንገብር፣
6. ምስ ናይ ኮሚዩኒቲ፣ መናእሰይ፣ ደቂ ኣንስትዮን ሲቪክ ማሕበራትን ከምኡውን ካልኦት ዴሞክራሲያዊ ውዳበታትን ዘለና ርክብ እናጠናኸርናን ሓደሽቲ ርክባት እናፈጠርናን ኣብ ምትሕግጋዝ፣ ምትሕልላይ፣ ምርድዳእን ምክብባርን ዝተመስረተ ዝምድና ብምድልዳል ኣብ ሓባራዊ ሽቶታትና ሓቢርካ ብምስራሕ ኣቢልና ዕላማታት ማ.ተ.ሰ.ኣ ንኽዕወቱ ክንቃለስ፣
7. ውሽጣዊ ዓቕሚ ማ.ተ.ሰ.ኣ ንምጉልባት ተወሰኽቲ ሓደሽቲ ኣባላት ብፍላይ ድማ እቲ ትግራዋይ መንእሰይ ወለዶ ምስ ኩለ መዳያዊ ዓቕሙ ኣትዩ ሓደራ ዓበይቲ ኣሕዋቱን ወለዱን ብምርካብ ናይዚ ማሕበር ቀፃላይ ብሩህ ጉዕዞን ራእይን ኣብ ሸትኡ ንከብፅሕ ናይ መሪሕነት እጃሙ ንክርከብን ዘይሕለል ፃዕሪ ክንገብር፣
8. ማ.ተ.ሰ.ኣ እዋኑ ብዝሓቶ ቴክኖሎጂን ኣሰራርሓን ተዓጢቑን ኣታኣታትዩን ብዓቕሚ ኣባላቱ፣ ደገፍቱን ፈተውቱን ከም መሰረታዊ ሃፍትን ግብኣትን እናተጠቀመን እናተሓገዘን ተመሊሱ ዓቕሚ ኣባላቱ ደገፍቱን ፈተውቱን ዘጠናኽረሉ ኩነታት ንምፍጣርን ብድምር ውፅኢት ድማ ንረብሓ ህዝብናን ሃገርናን ብዝሓሸ ዓቕሚ ሰሪሕና ዝሓሸ ውፅኢት ንምምዝጋብ ከምእንሰርሕ ጉባኤተኛ ብሙሉእ ድምፂ ወሲኑ፡፡

መበል 34ዓመት ጉባኤ ማተሰኣን መበል 12ዓመት ፌስቲቫል ትግራይን ምኽንያት ብምግባር ኣብ ዝተዳለወ ናይ ፓነል ምይይጥ 3 ተሳተፍቲ ዝነበሩ እንትኾኑ ህልዊ ኩነታት ዓዲን ዝልዓሉ ዓበይቲ ሕቶታት፣ ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ምምፃእ ዘጋጥሙ ዓበይቲ ፀገማት፣ ከምኡውን ግደ መናእሰይ ኣብ ለውጢ ማሕበረሰብ ትግራይን ኣብ ተሳትፍኦም ዘጋጥሞም ፀገማትን ዝምልከት ካብ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ዝመፁ ዕዱማት ኣጋይሽ ኣምባሳደር ኣዲስኣለም ባሌማን ኣምባሳደር ተወልደ ገብሩን ኣይተ መስፍን ኣየነው ካብ ዋሽንግተን ዲሲን ከምኡ'ውን መንእሰይ ኪሮስ ኣርኣያ ካብ ቤኤርያ ነናቶም ገፊሕ መብርሂ ነቲ ከካብ ከባቢኡ ዝመፀ ህዝቢ ዘቕረቡ እንትኾኑ ካብ ገዛ ንዝመፆም ሕቶታት ድማ ብኣግባቡ ብምምላስ ዝፈጠርዎ መንፈስ ብጣዕሚ ዘሕጉስ'ዩ ኔሩ።

ነዚ በዓል ፌስቲቫል ትግራይ ፍሉይ ድምቀት ዝሃብዎ ከካብ ከባቢኡ ዝመፁ መናእሰይ ተጋሩ ክምስገኑ ከምዝግባእን ብቐፃልነት ተሳተፍቲ ንክኾኑን ካልኦት ዘይመፁውን ንቕድሚት ክሓስብሉ ካብ ብሎሚኡ እናዓደምና ብፍላይ ድማ ካብ ቤኤርያ ብናታቶም ድሌትን ኣንቅዶን ልዕሊ 18 ዝኾኑ መናእሰይ ተወዲቦም ብምምፃእ ነዚ ፌስቲቫል ንምዕዋት ዝገበርዎ ርብርብ፣ ከምኡውን ኣባላት ምድላው ኮሚቴ በዓል ፌስቲቫል ትግራይ ብምኻን ሓጋዛይ ሓሳብን ተራን ንተፃወቱ ተጋሩ ብሙሉኦም፣ ነዚ በዓል ዚ ንምድማቕ ብጉልበት፣ ብገንዘብ፣ ማተርያልን ሓሳብን ዝደገፉናን ንዓመታ ከምሎሚ

ፌስቲቫል ትግራይ ካብዚ ብዝበለፀ ንምድማቕ ሓገዝን ከምዝልግሳልና ቃል ንዝኣተዋልና ደቂ ኣንስትዮ ኣሕዋትና ብሙሉኣን እናመስገንና ክብረት ይሃበልና ንብል።

ቀዳም ምሸት ኦገስት 9/2008 ናይዚ ዕውት ኣኼባታትን ፌስቲቫል ትግራይን መዕፀዊ በዓል ከባቢ ሓደ ሽሕ ዝዕጋዕ መብዛሕትኡ መንእሰይ ዝኾነ ፈታዊ ዓዱ ትግራዋይን ካልኦት ፈተውቲን ደገፍትን ህዝቢ ትግራይ ኣጋይሽ ዝተረኽብሉ ርሱን ባህላዊን ዘመናዊን ናይ ሙዚቃ ወጋሕ ትበል ለይቲ ምድላው ብኣብ ከባቢ ሰሜን ኣሜሪካ ዝርከቡን ካብ ኢትዮጵያ ዝመፁ ውሩያት ናይ ትግርኛ ኣርቲስት ሙዚቀኛታት፣ዋና ኣተሓባባሪ ኣይተ ኣልኣዛር ኣፅብሃ፣ ኣስፋው(ጀብጀብ)፣ ከድር መብሩኽ፣ ክብሮም በርሀ፣ ፍቕረ ሰቦቃ፣ ዓዚዝ ሓጎስ፣ ርሻን ገብረ፣ እምብዛ ስብሃትለኣብ፣ ታደሰ (ወዲ ኾኸብ) ኣበራሽ የማነ ከምኡ ድማ ኣርቲስት ሰሎሞን ተካልኝ ካብ ዘይምፍላጥን ዕሙት ፅልኢትን ንዝገበሮ ጌጋ ነቲ ዕዱም ጋሻ ይቕረ ንኽብሎ ብዘቕረቦ ፅሑፍ ኣስዒቡ ዝተፃወቶ ናይ ኣምሓርኛ ሙዚቃ ከምኡ’ውን ብናይ ትግርኛ ስነ ግጥሚ ብዓል ሞያ ኣይተ ሽሻይ ሕሸ ብዝቐረበ ግጥሚን ነዚ በዓል ፌስቲቫል ዘይኾን ሞያ የብልናን ብምባል ብነፃ ኣገልግሎቶም ኩሉ ተሓጉሱ፣ ሓባራዊ ፍቕሪ፣ ዘይርሳዕ ዝኽሪን ርሱን መንፈስን ሰኒቑ ንኽፈላለይ ንዝገበሩልናን ዝሓገዙናን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ኣርቲስት ብሙሉኦም ክቡር ምስጋናና ነቕርብ፡፡

ዓይኒ ሰገናትና ናብ ስነ ጥበብ ብዝብል ስያሜ ህፃናት ተምሃሮ ትግራይ ብስእሊ እናወዳደረ ሽልማት ዝህብ ግዱስ ትግራዋይ ኣይተ ፍፁም ገብረሂወት ኣካል’ውን ኣካል’ቲ ፌስቲቫል ብምኻን ብሰገናት ትግራይ ዝቐረቡ ዝተፈላለዩን ብሰገናት ተሳኢሉ ኢልካ ንምእማኑ ዘፀግሙ ብጣዕሚ ሰሓብቲ ዝኾኑ ስእልታት ንምርኢት ንምቕራብ ንዘርኣዩ ተሳትፎ ካብ ልቢ ክነመስግን ንፈቱ።

ሰንበት ኦገስት 10/2008 ኣጋምሸት ድማ ናይ ፒክኒክ ፕሮግራም ብኮሚዩኒቲ ትግራይ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን ኣተሓባባሪነት መግቢን ልስሉስ መስተን ብምቕራብን ምትእንጋድን ከምኡውን ነቲ መድረኽ ብምምራሕን ዝንኣድ ስራሕ ዝተሰርሐ እንትኾን ኩሉ ትግራዋይ ብትግራዋይነቱ ኮሪዑን ተሓቢኑን ደቁን ስድርኡን ሒዙን ጨና ዕጣን ካብ ኩሉ ሸነኽ’ቲ ናይ ፒክኒክ ሜዳ ፀዊኡዎ ዝቐረበሉ ባህላዊ ቡንን ቁርሲ ቡንን ፉት እናበለ ንዓመታ ከምሎሚ ይድገመና እናበለ እቲ ብማሕበር መናእሰይ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣ ኣተሓባባራይነት ዝተገብረ ናይ ስፖርታዊ ምንቅስቓስ ማለት ናይ እግሪ ኩዑሾ ውድድር ጋንታታት ዋሽንግተን ዲሲ፣ ፍላደልፊያ፣ ሳንዲያጎን ቤኤርያን ዝተሳተፉሉ ፀወታ ብወነ ተኸታቲሉዎ፡፡ ኣብቲ ሜዳ ዝነበረ ናይ ሙዚቃ ምድላው’ውን ንኹሉ ዘሐጎሰ’ዩ ኔሩ ንዓመታ ብዝበለፀ ተጠናኺርኩም ከምእትመፁ ተስፋ እናገበርና ምሰጋናና ነቕርብ።

ብሓፈሻ እንትርአ ናይ ሎምዘበን ጉባኤ ማተሰኣን ፌስቲቫል ትግራይን ኩሉ ከካብ ዘለዎ ጉዳየይ ኢሉ ዝተኣኻኸበሉን ነንባዕሉ ዝተላለየሉን፣ ብትግራዋይነቱ ሓድነቱ ዘመስከረሉ፣ ኩሉ በብዓቕሙ ዝተሳተፈሉን ብምኻኑ ንዝዓበየን ዝንኣሰን፣ ናይ ርሑቕን ቀረባን ትግራዋይ፣ፈተውቲን መሓዙትን ህዝብናን ማሕበርናን ኩሎኹም ብስም ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ክብረት ይሃበልና ብኣኹም ተሓቢንና እናበልና ክነመስግን ንፈቱ፡፡

ሓድነትና ውሕስነት መንነትና’ዩ!!

ቤት ፅሕፈት ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ
ዋሽንግተን ዲሲ
August 14/2008